ኤርትራዊ ሰምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ الوحدة الارترية للتغيير الديمقراطي

**Eritrean Unity for Democratic Change**

# ኣገናዕ እንቋዕ ኣሓጎስካ ህዝቢ ትግራይ - 28 ሰነ 2021

**ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ረመጽ ንወረርቲ፡ ሰቲ ንፈተውቲ ኢኻ እሞ ህዝቢ ትግራይ እንቛዕ ደስ በለካ!!**

**ብጽልኢ ህወሓት ዓይኖም ዝዓወረ ጸላእቲ ኣብ መንጎ ህዝብን ውድብን፡ ኣብ መንጎ ፖለቲካን ሰብኣውነትን ምፍላይ ሓርቢትዎም ብስም 'ምኽባር ሕጊ' ኣብ ልዕሊ ውጹዕ ህዝቢ ትግራይ ኣራዊታዊ ወራር ክፍጽሙ ድሕሪ ምጽናሕ ሎሚ መጀመርታ ናይቲ መወዳእታ ዓወት ህዝቢ ትግራይ ተበሲርና ኣለና።**

**ተኣምራት ብዝበሃል መልክዑ ኣመና ደኣ ቀልጢፉ እምበር፡ ህዝቢ ሒዝካ ዘይውጻእ ዓቐብ ዘይስገር ሩባ ከምዘየሎ ሕሉፍ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ባዕሉ ምስክር እዩ። ከምዚ ሎሚ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብኣራዊታዊ ስርዓት ህግደፍ ከይተጨማለቐ፡ ምስክር ጽንዓትን ህዝባዊ ወገንነትን ምዃኑ እውን ዘመስከረ እዩ ኔሩ። ሎሚ ጸረ እቲ ዓለም ዘመስከረ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብስኽራን መራሕቲ ህግደፍ ተደዊኑ ኣንጻር ብዙሕ ናይ ሓባር ታሪኽ ዘለዎ ህዝቢ ትግራይ ደም ክተክል ምብጋሱ ንረብሓ ክልቲኡ ኣህዛብ ከምዘይኮነ ብኣግኡ ደው ክብል ከምዘለዎን ኣምሪርና ተላቢና ኔርና ኢና። ዓሳ ከተጥፍእ ባሕሪ ኣንጽፍ ዝዓይነቱ ኣተሓሳስባ ካብቶም ፋሺሽታውያን ጥራሕ ዘይኮነስ ካብቶም ጸረ ፋሺሽቲ ንቃለስ ኣለና ዝብሉ ክንሰምዕ ምጽናሕና'ውን ካልእ ዝገረመና ነገር'ዩ።**

**ኣቦታት ትግራይ ተሓሪድኩም ተረሺንኩም፡ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ ተዓሚጽክን ተዋሪድክን ኢኽን እሞ ንዝሓለፍኩም መንግስተ ሰማያት፡ ንዘለኹም ከኣ ዘላቒ ደበስ ይፍጠረልኩም። መንእሰያት ትግራይ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዘርኣኹሞ ጅግንነት፡ ሓመድ ልሒስካ ከምዝትሳእ ዘምሃርኩምን ዘመስከርኩምን ኢኹም እሞ ተሓቢንናልኩም - እንቋዕ ደስ በለኩም።**

**እቶም ወገን ውጹዕ ህዝቢ ትግራይ ብምዃንና ጥራሕ ኣብ ልዕሌና ክወርድ ዝጸንሐ ዘለፋታት ተጻዊርና ስንና ነኺስና ኣብ መትከልና ጸኒዕና ዝጸናሕና እዚ ዓወት ንዓና እውን ይብጻሓን'ዩ። ዓወትና'ዩ። ይርሓቕ ይቐረብ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ህዝቢ ዝወርድ ኢሰብኣዊ ተግባራት ዓገብ ምባል ደጋጊምና ከምዝበልናዮ ሰብ ምዃን ጥራሕ እዩ ዘድሊ። *'እወ --- ግን ከኣ .....'* ወዘተ እናበልካ ንኢሰብኣውነት ምኽንያታዊ ምግባር ምፍታን ጸረ ህዝባዊ ባህርያትካ ዘመስክር ጥራሕ እዩ ዝኸውን። ወገን ውጹዕ ህዝቢ እንተኮንካ ግን ይመርርን ይነውሕን እምበር ውዒሉ ሓዲሩ መዛዘሚኡ ዓወት እዩ። ህዝቢ ትግራይ እንቋዕ ደስ በለካ።**

ሕጂ ስርዓት ኣቢይ ኣሕመድ በይናዊ ናይ ተኹሲ ኣቋም ኣዋጅ ኣዊጁ ኣሎ። ካብ ፋሺሽታዊ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ግን ዛጊት ዝሰማዕናዮ ነገር የለን። ከም ኤርትራውያን መጠን እቲ ገና ህይወቱ ንተልእኾ ፋሺሽታዊ ስርዓት ዘወፈ ዘሎ ኤርትራዊ የሕዝነና። ደጊም ካብ ሕጂ ንኤው እትሓልፍ ህይወት እንተልያ ንስርዓት ህግደፍ ንምእላይ እትሓልፍ ህይወት እምበር ንህዝቢ ትግራይ ንምስኳን ዝግበር ፈተነ ከምዝይሰልጥ ተፈቲኑ ዝፈሸለ እዩ። ህይወትኩም ኣድሕኑ። የግዳስ ጻዕርታትና ኩሉ ዝርካቡ ህይወት ኤርትራዊ ኣድሒንና ንስርዓት ህግደፍ ንምእላይ ኣብ ዝግበር ወፍሪ ብውሽጥን ብደገን ኣጠናኺርና ምቕጻል ንተዓጠቕ።

የሃና ንህዝቢ ትግራይ

የሃና ንኹሉ ደላይ ፍትሒ

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤሰደለ

28 ሰነ 2021